“እዚ ብ EXPRESSEN ዝባሃል ጋዜጣ ሽወደን ብቛንቛ ሽወደን ዝወጸ ጽሑፍ ኩሎም በጻሕቲ መርበብና ቛንቛ ሽወደን ይመልኩ ኢልና ስለ ዘይንኣምን ከምኡ'ውን ኩሉ ማዕረ ሓበሬታ ክረክብ ኣለዎ ካብዝብል እምነት ብምብጋስ ኣቐድም ኣቢልና ብእንግሊዝኛ ተርጕምና ኣቕሪብናዮ ኔይርና ሎሚ ከኣ ብትግሪኛ ተርጕምና ነቕርቦ ኣሎና፡፡ ሰናይ ንባብ ንምነየልኩም። “

<u>ዳዊት ኢሳቕ ብቕጽበት፡ ንክፍታሕ፡ መንግስቲ ሽወደን፡ ጠለብ ኣቕሪቡ።</u>

ብድሕር'ቲ፡ ንነዊሕ ግዜ ክካየድ ዝጸንሔ ስቱር (ውሑሉል) ዲፕሎማሲ መንግስቲ ሽወደን፡ ሕጂ ኣብ ቃልዕ ብምውጻእ፡ ብዛዕባ ዳዊት ኢሳቕ መግለጺ ሂቡ።

ኣብቲ ኣብ ፈረንሳ፡ ኣብ ከተማ ፓሪስ ዝካየድ ዘሎ፡ 193 ሃገራት ዝተሳተፍኦ ዓመታዊ ጉባኤ ዩኔስኮ (UNESCO) ፡ ሚኒስተር ትምህርትን ምርምርን ሽወደን፡ ቱቢያስ ክራንስ (TOBIAS KRANTZ)፡ ዳዊት ኢሳቕ ብዘይ ዉዓል ሕደር ብናጻ ንክፍታሕ ጠለብ ኣቕሪቡ። ነቲ ጉዳይ ብዝያዳ ኣቓልቦ ምስ ዝወሃቦን ተወሳኺ ጸቕጢ፡ ምስዝግበርን፡ ዳዊት ክፍታሕ ይኽእል እዩ፡ ዝብል እምነት ከም ዘሎዎ እቲ ሚኒስተር ገሊጹ።

”ኣዝዩ ጽቡቕ ኣጋጣሚ”

መንግስቲ ሽወደን፡ ንመጀመርያ ግዜ እዩ ብዛዕባ ዳዊት ኢሳቕ፡ ኣብ ሰፊሕ ኣህጉራዊ ባይታ መግለጺ ዝህብ ዘሎ። ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ጉባኤ፡ ነቲ ጉዳይ ምልዓሉ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ይመስለኒ፡ ምኽንያቱ ድማ፡ ዩኔስኮ ከም ኣካል ሕቡራት መንግስታት፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዕማሙ ወይ ተራኡ፡ ምጥባቕን ምክልኻልን ሓሳባትካ ናይ ምግላጽን ምጽሓፍን ስለዝኾነ ይብል፡ እቲ ሚኒስተር ትምህርቲ ሽወደን።

“እቲ መልእኽቲ ንጹርን ዘየጠራጥርን ኢዩ”

ብናይ ዲፕሎማሲ መዐቀኒታት፡ እቲ ዝተዋህበ መደረ፡ ኣዝዩ ተሪር ምንባሩ ምጥቃስ ኣኻሊ እዩ። ብዘየወላውል ዳዊት ብህጹጽ፡ ንክፍታሕ ጠለብና ከምዝኾነ፡ ብግሉጽ ኣቕሚጥናዮ ኣሎና ይብል፡ እቲ ሚኒስተር ቀጺሉ እቲ ጉዳይ፡ ብሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ይጸዓረሉ እኳ እንተሃለወ፡ ኣብዚ ዋዕላ እዚ፡ 193 ሃገራት ይሳተፉ ስለዘለዋ፡ ነቲ ሕቶ ምልዓሉን መግለጺ ምሃብን ቅኑዕን ኣድላይን ኮይኑ ተረኺቡ ይብል።

ኤርትራ፡ ኣብዚ ዋዕላ'ዚ ስለዘይተኻፈለት፡ ነቲ መደረ ናይ ሚኒስተር ትምህርቲ ሽወደን ክትሰምዖ ኣይከኣለትን፡ ነገር ግን እቲ ዝቐረበ መደረ ንኹለን ኣባል ሃገራት ብጽሑፍ ስለዝዝርጋሕ፣ እቲ ሚኒስተር ዘቕረቦ መግለጺ፡ ሰበስልጣናት ኤርትራ ከበጽሖም ምዃኑ፡ ኤቫ-ማሪ ቢበሪ፡ ጸሓፊት ናይ ሚኒስተር ቱቢያስ ክራንስ ገሊጻ።

“ኣዚዩ ዝነኣድ ስጉምቲ”

ሌይፍ ኦብሪንክ ኣባል ናይቲ ንዳዊት ኢሳቕ ንክፍታሕ ዝነጥፍ ናይ ደገፍ ማሕበር፡ መንግስቲ ሽወደን፡ ንዝሃቦ፡ ተሪር መግለጺ ከምዝድግፎ ገሊጹ። ዋላ እኳ፡ ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ክውሰድ ዝግብኦ ዝነበረ ስጉምቲ እንተኾነ፡ ኣዝዩ ዝነኣድ ስጉምቲ'ዩ ክብል ገሊጽዎ። ብተወሳኺ፡ መንግስቲ ከምዚ ናይ ሎሚ ተመሳሳሊ መግለጺታት ንክውጽእ ከምዝትስፎ ገሊጹ።

ናይ ሽወደን ጋዜጣ፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር ፍረድሪክ ራይንፌልድን ንናይ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ካርል ቢልድትን ብዛዕባ'ዚ፡ ኣብ ፓሪስ ዝተዋህበ መግለጺ ከዘራርቦም እኳ እንተፈተነ፡ ርእይቶ ንክህቡ ቅሩባት ኮይኖም ኣይተረኽቡን።